# ሰንበት ዘዕርገት 2018ዓ.ም.

## ግንቦት 16 2018 ዓ.ም. (5/24/2026)።

*አመ ሣልስተ ዕለት ሞያ ለሞት ወዐርገ ውስተ ሰማያት።*

**መዝሙር:** በሰንበት ዐርገ ሐመረ...ብሰንበት ኣብ መርከብ ደየበ ንባሕርን ንንፋሳትን ገሰጾም፥ ከምዚኹኣ በሎም፥ ኣብ ልብኹም ጥርጥር ኣይእቶ ከምቲ ኣቦይ ንኣይ ዝለኣኸኒ ኣነ ኸኣ ንኣኻትኩም እልኣኩም ኣሎኹ ኣብ ቤት ኣቦይ ብዙሕ ማኅደር ኣሎ እንደገና ክመጽእ እየ ምሳይ ኣብ መንግስቲ ኣቦይ ኣብ ሰማያት ምእንቲ ክትኮኑ እውን ክወስደኩም እየ።

**ንባባት:** ኤፌ. 1፡17-23፥ 1ጴ 3፡15-ፍ፥ ግ.ሓ. 1፡1-11፥ ማር 16፡15-20 (ዕብ. 9፡24-28፥ 1፡፡19-23፡ ማቴ 28፡16-20፥ ሉቃስ 24፡46-53)።

**ስብከት፡** ዓርገ እግዚአብሔር በይባቤ፥ወእግዚእነ በቃለ ቀርን፥ ዘምሩ ለአምላክነ ዘምሩ።እግዚአብሔር ብዕልልታ ዓረገ፥ ጎይታና እውን ብመለኸት ዓረገ፥ ዘምሩ ንኣምላኽና ዘምሩ መዝ. 47፡5-6።

ኣብ ወንጌል ሉቃስ ዘሎን ኣብ ግብረ ሓዋርያት ዘሎን እንተ ኣንበብናዮ ዝገራጮ ይመስል። ክልቲኡ ወላ እኳ ብሉቃስ ይጽሓፍ እምበር ኣብ ወንጌል ናይ ኢየሱስ ዕርገት ኣብ መዓልቲ ትንሣኤ ኣብ ሰንበት ከምዝኾነ እዩ ዝገልጽ። ኣብ ግ.ሓ. 40 መዓልቲ ድሕሪ ትንሣኤ ከምዝኾነ ይነግር። ኣብ ወንጌል ዕርገትን ትንሣኤን ከም ሓደ ፍጻሜ እዩ ዝገብሮ። ኣብ ግ.ሓ. ግን ክልተ ዝተፈላለዩ ፍጻሜታት ከምዝኾኑ ገሩ እዩ ዝገልጾ።

ብሓቂ ክንርእዮ እንተ ኾና ዕርገት ክፍሊ ትንሣኤ እዩ። ትንሣኤ ዘተኰሮ ኢየሱስ ኣብ ሓዲስ ሕይወት ከምዝኣተወ እዚ ከኣ ነቲ ዝነበሮ ሕይወት ኣመሓይሹ ማለት ዘይኮነ ኣብ ሓዲስ ሕይወት ኣትዩ ማለት እዩ። ዕርገት ብዝያዳ ዘመልክቶ ኢየሱስ ምስ ሰማያዊ ኣብኡ ከምዘሎ እዩ። ንሱ ምስ ሰማያዊ ኣብኡ ኣብ ምስጢረ መለኮት ሓደ ኮይኑ ሓዲስ ሕይወት ጀሚሩ። እዚ ክብሃል እንከሎ ናብራ ትስብእቲ ሓዲጉ ማለት እምበር መለኮትስ ኩሉ ጊዜ ሓደ እዩ ኣይሕደስ ኣይልወጥ።

**ሓቀኛ ትርጉም ዕርገት፡**

ሓቀኛ ትርጉም ዕርገት ኣብ መልእኽቲ ናብ ዕብራውያን ምዕ. 9 ዘሎ እንተ ኣንበብና ክንረኽቦ ንኽእል። ኣብዚ ጸሓፊ ዕብራውያን ኣነጺሩ ፍልልይ ተራ ኢየሱስን ናይ ኣይሁድ ሊቀ ካህናት ዝገብርዎ ይገልጽ። ክርስቶስ ኣብ ሰብ ዝሰርሖ መቕደስ ከምዘይኣቶ ከመልክት ኢሉ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደው ምእንቲ ክብል ናብ ሰማይ ኣተወ እምበር ናብታ ብኢድ ሰብ ዝተገብረት ናይ እታ ቐንዲ መቕደስ ምስሊ ዝኾነት ኣይኣተወን፥ ከምቲ ሊቀ ካህናት በብዓመት ደም ካልእ ጊዜ ናብ መቕደስ ዝኣቱ ክርስቶስ ገዛ ርእሱ ብዙኅሳዕ ኪሥውዕ ናብ ሰማይ ኣይኣተወን፥ ከም ሊቀ ካህናት ዘቕርቦ ደም መስዋዕቲ ናይ ኣጣልን ኣብዑርን ዘይኮነ ኢየሱስ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣትዩ ደሙ ኣብ መስቀል እዩ ኣፍሲሱ፥ ክርስቶስ ንሓንሳብን ንሓዋርን ምእንቲ ኩሉ ንገዛእ ርእሱ በጃ ሂቡ እዩ፥ ከምኡ ኸኣ እቲ ናይ ብዙሓት ኃጢኣት ምእንቲ ክርሕቕ ሓንሳእ ዝተሰውዐ ክርስቶስ ኃጢኣት ኪፀውር ዘይኮነስ ንምድኃን እቶም ዚጽበይዎ ኻልኣይ ጊዜ ኺግለጽ እዩ (ዕብ 9፡24-10፡23) ይብል።

ንሕና ከመይ ኢልና ኢና ነዚ ክንሳተፎ እንኽእል። ነዚ መልሱ እንደገና ኣብ መልእኽቲ ዕብራውያን ኢና እንረኽቦ ስለዚ ኣኅዋተይ ሳላ ደም ክርስቶስ ናብ ቅድስተ ቅዱሳን ዜእቱ እምንቶ ረኺብና ኢና። እንኣትዎ ኸኣ በቲ መጋረጃ ማለት ብሰብነቱ ዝተኸፍተ ሓዲሽን ሕያውን ዝኾነ መገዲ ኣቢልና ኢና። ኣብ ቤት ኣምላኽ ዓቢ ካህን ኣሎና፥ ስለዚ በዲለ ካብ ዝብል ሕሊና ልብና ኣንጺሕና ሰብነትና ብንጹሕ ማይ ሓጺብና ብቕኑዕ ልብን ብምሉእ እምነትን ናብ ኣምላኽ ንቕረብ (ዕብ 10፡19-22) እናበለ ዓሚቕ ትምህርቲ ይገልጸልና።

ኢየሱስ ንኣረጊድ መገዲ ብምልኡ ብሓዲስ መገዲ ተኪእዎ እዩ። እቲ ኣምላኽ ዝርከቦ ቦታ ንሱ ሓዲስ ቅድስተ ቅዱሳን እዩ። ኢየሱስ መጋረጃ ኮይኑ ብኣኡ ኣቢልና ኩልና ኣብቲ ናይ ክርስቶስ ክህነት እንሳተፎ እሞ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክንቀውም ዘኽእለና እዩ። እዚ እዩ ትርጉም ዕርገት ሎሚ እነብዕሎ ዘሎና። ስለዚ ዘፍርሕ የብልናን። ነጻነት ኣሎና ብሞትን ትንሣኤን ዕርገትን ኢየሱስ ኣቢልና ኣብቲ ቅዱስ ቦታ ክንከይድ ንኽእል ኢና። እዚ መገዲ እዩ ዝተኸፍተልና ኣብ ጊዜ ጥምቀትናን ከምኡ ኣብ ሕይወት ማሕበር ክርስትያን ክንሳተፍ እንከሎና።

ንስራሕ ኢየሱስ ምቕጻል፡

ቅድሚ ኣብ ክብርን ግርማን ኢየሱስ ምስታፍና ክንገብሮ ዝግብኣና ስራሕ ኣሎ። ኢየሱስ ክሓድገና እንከሎ ኣነጺሩ ዝበሎ ነገር ኣሎ ነቲ ንሱ ዝጀመሮ ክንቅጽል። ንሱ ኸምዝበሎ ልክዕ ከምቲ ዝገበሮ ወላ እውን ካብኡ ዝዓቢ ነገር ክትገብሩ ትኽእሉ ኢሉ ነጊሩና። ንሓዋርያቱ ቅድሚ ካብኦም ምፍላዩ ኣብ ኢየሩሳሌም ክምለሱ እሞ ኣብኡ ኮይኖም ንምምጻእ መንፈስ ቅዱስ ክጸብዩ ነጊርዎም።

እዚ ተመክሮ እዚ ጥምቀቶም ክኸውን እዩ፥ ብመንፈስ ኢየሱስ ክመልኡ እዮም። ሓዋርያቱ ግን ቅድሚ ምሕዳጎም ከምዚ እናበሉ ሓቲቶሞ፥ ጎይታ ኣብዚ ጊዜ ዲኻ ንመንግስቲ እስራኤል እቶቑሞ? ግና ክሳብ መወዳእታ ስዓት እውን ናይ ኢየሱስ ሕይወት ትርጉምን ኩሉ ስርሑን ክርድእዎ ኣይከኣሉን። ክሰብ ሕጂ ንሱ እንታይ ዓይነት መሰሕ ምዃኑ ጌና ኣይተረድእዎን።

ኢየሱስ ንመንግስቲ እስራኤል ኣይኮነን ዝሕድስ ወይ ዘቕውም ንሱ ሓዲስ መንግስቲ ንኹሉ ዝኸውን እዩ ዘቕውም። እዚ መንግስቲ እዚ ንኹሎም ኣህዛብ ዓለም ከጠቓልል ክፉት እዩ። እዚ መንግስቲ እዚ ፖሎቲካዊ ሓይሊ ወይ ወተሃደራዊ ስልጣን ዝውንን ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ዘለዓለማውን ናይ ኩሉን መንግስቲ፥ መንግስቲ ናይ ሓቅን ሕይወትን፥ መንግስቲ ናይ ቅድስናን ጸጋን፥ መንግስቲ ርትዒ፥ ፍቕሪን ሰላምን እዩ።

ድሕሪ ሓጺር እዋን ሓዋርያት ነዚ ክቕበልዎ እዮም ኣብ ኩሉ ኸኣ ክሰብክዎን ከብጽሕዎን እዮም። መንፈስ ቅዱስ ምስተቐበሉ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከስተማቕርዎ እዮም፥ እዚ ኸኣ ኣብ እስራኤል ጥራሕ ወይ ኣብ ኢየሩሳሌም ጥራሕ ወይ ኣብ ይሁዳ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ኩሉ ጫፍ ዓለም ክሳብ መወዳእታ ከብጽሕዎ እዮም። እዚ እዩ ተልእክኦምን ተልእኮናን፡ መልእኽቲ ኢየሱስ ኣብ ምሉእ ዓለም ምብጻሕ።

ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ክዛረቦም እንከሎ እና ረኣይዎ ንሰማይ ዓረገ ካብ ኣዕይንቶም ከኣ ደመና ሠወረቶ እዚ ኣምሳል ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምህላው እዩ። ደመና ህላዌ ኣምላኽ ዝገልጽ እዩ ኣብ ኣገላልጻ ቅ. መጽሓፍ። ድሕሪ ደጊም ኢየሱስ ብዓይኒ ስጋ ኣይርኣይን እዩ። ዕርገት ቃል ንቓሉ ክንትርጉሞ ኣይግብኣናን ማለት ከም ኢየሱስ ንሰማይ ገጹ ነፊሩ ኣብ ሰማይ ዝብሃል ቦታ ከምዘሎ ገርና ክንወስዶ የብልናን። ንሱ ብኣምሳል ደመና ዝተገልጸ ኣብ ሕቕፊ ሰማያዊ ኣብኡ እዩ ዘሎ።

ኢየሱስ ካብኦም ክሳብ ዝፍለ ንሰማይ አንቃዕሪሮም እናጠመቱ እንከለዉ ክልተ ጻዕዳ ክዳን ዝተኸድኑ አብ ጥቕኦም ደው ኢሎም፥ አቱም ሰብ ገሊላ ስለምንታይ ኢኹም ናብ ሰማይ አማዕዲኹም እናጠመትኩም ደው ኢልኩም ዘሎኹም፥ እዚ ካባኹም ናብ ሰማይ ዝዓረገ ኢየሱስ ከምቲ ናብ ሰማይ ኪዓርግ ከሎ ዝረአኽምዎ ከምኡ ገይሩ ኸአ ኺመጽእ እዩ በልዎም (ግ.ሓ. 1፡ 11)። ምናልባት ብሕይወቶም እንከለዉ ዳግም መጺኡ ክርእይዎ ሓሲቦምዶ ይኾኑ። ብዙሓት አብተን ቀዳሞት ዘመናት ከምኡ ይሓስቡ ነሮም እንተ ኾነ ከምኡ ከምዘይኮነ ታሪኽ ገሊጽዎ እዩ። እዞም ጻዕዳ ክዳን ዝተኸድኑ ተባሂሎም ዘለዉ መላእኽቲ ከምዝኾኑ ርዱእ እዩ፥ ምስ አምላኽ ብቀጥታ ዝራኸቡ እዮም እዚ ንሶም ዝበልዎ ኸአ ነቲ ፍጻሜ ዓቢ ትርጉም ክውሃቦ ንማለት እዩ። መላእኽቲ አብ ትንሣኤ ክርስቶስ እውን ተራእዮም እዮም።

## ሓዲስ ትምህርቲ፡

ሓዋርያት ሓዲስ ተመክሮ ወይ ትምህርቲ ክምሃሩ አለዎም። ንኢየሱስ አብ ሰማይ አይክረኽብዎን እዮም። እቲ ንሶም አቐዲሞም ዝፈልጥዎ ኢየሱስ እቲ ዝተሰቕለ ንኹሉ ጊዜ ሓዲግዎም እዩ። ስለዚ ንኢየሩሳሌም ክምለሱ አለዎም። አብኡ ናይ አብን ወልድን መንፈስ አብ ልዕሊኦም ምስ ወረደ ሽዑ ክርድኦም አብ ርድኢቶም ክዓብዩ ክጅምሩ እዮም። ንኢየሱስ ክረኽብዎ እንተ ደልዮም አብ ማሕበር ክርስትያን እዮም ምስቶም ኩሉ ጊዜ ምስኦም ተሓዋዊሶም ዝነብሩ እዮም ክረኽብዎ ዝኽእሉ።

ኩሉ ጊዜ ካብ አሕዋቶም ፍቕሪ ክቕበሉ እንከለዉ ናይ ኢየሱስ ህላዌ እዩ ዝገልጽ። ኩሉ ጊዜ ንሓዎም ወይ ሓፍቶም ከፍቅሩ እንከለዉ ንኢየሱስ አብ መንግኦም ህልው ይገብርዎ። ንሕናን ንሳቶምን አብዚ ዓለም ኢየሱስ ክንከውን አሎና። ንሕና ዝርአ ህላው ኢየሱስ ክንከውን ይግብአና። እዚ ዓቢን ዘፍርሕን ሓላፍነት እዩ።

ሰባት ክርእዩኒ እንከለዉ ኢየሱስዶ ይርእዩ? ሰባት ክርእዩኒ እንከለዉ ንኢየሱስ ክፈልጥዎዶ ይደልዩ? ሰባት ክርእዩኒ እንከለዉ አብ ማሕበርና አብ ክርስትናና ክሕወሱናዶ ይደልዩ? አብ ሕይወትና ክሳተፉ ንወንጌል ከም መሰረት ሕይወቶም ክወስድዎ ፍቓደኛታትዶ እዮም? እዚ እዩ ትርጉም ዕርገት።

ሎሚ አብዚ ዘሎና ነቲ ቅድሚ ዘመናት ዝኾነ ነገር ክንዝክር ኢልና አይኮናን። አብዚ ዘሎና ኢየሱስ ካብዚ ዓለም ክሓድገና እንከሎ ሓደ ፍሉይን ግድነት ክግበር ዘለዎ ተልእኮ እዩ ሂቡና ሓሊፉ። እቲ ተልእኮ ወይ ሓዋርያውነት ከአ ነቲ ንሱ ዘርአየና ፍቕሪን ድሕነትን አብ ዓለም ክንቅጽል ምእንቲ እዩ። ሎሚ እምበአር ምስኡ ኮና መልእኽቱ ክነብጽሕ ከምቲ ንስኻ እትደልዮ ገርና ክነብጽሕ ሓግዘና እናበልና ንለምኖ።

አባ ንጉሡ ፍሥሓ